ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ
ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም ቤተክርስትያን
ኣምስተልፌን- ኣምስተልላንድ
ሆላንድ።

**Eritrean Orthodox Tewahdo**
**MedhanieAlem kerk**
**Amstelveen -Amstelland**
**Holland.**

8 መጋቢት 2012 ዓ.ም.ግ.
17 መጋቢት 2020 ዓ.ም.ፈ.
ደ/ሰ/መ/ኣ/ኣ2012-226

በስመኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።

ጉዳይ፥ ብሰንኪ ናይ'ዚ እዋናዊ ሕማም ቫይረስ ቤተክርስትያንና ክሳብ 6 ሚያዝያ 2020 ኣገልግሎት ጠጠው ኣቢሉ ኣሎ።

ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን ኣባላት ደብረሰላም መድሓኔዓለም እምስተልፌን-ኣምስተልላንድ፥

ብመጀመርታ ነቲ ልዑል ባህርይ ዝኾነ እግዚኣብሔር ኣምላኽና ክሳብ እዛ እዋን እዚኣ ዘጽንሓና ዝለዓለ ምስጋና ነቕርበሉ። ኣስዒብና ከኣ ንኩልኹም ምእመናንን ምእመናትን እዛ ቅድስቲ ቤትክርስትያን፥ ኣብ ህይወትኩም ምሉእ ጥዕና ኣብ ሥራሓትኩም ከኣ ኣሳልጦን ግስጋሰን ንምነየልኩም። ካብ'ዚ ወሪዱ ዘሎ ሕማምን፥ ካብ ዝኾነ መዓትን ክባልሃናን ከድሕነናን ምእንቲ፥ ንመድሓኔዓለም ቀጻሊ ብትሕትና ንለምኖ።

ብምቕጻል ነዚ እነመሓላልፎ ዘሎና ሓበሬታ፥ ዘይሰምዐ ሰብ ምእንቲ ክሰምዖ፥ ክትሕብሩ'ውን ንላበወኩም።

ብጸሓፊት ናይ ዋናታት ቤተክርስትያን St. Augustinus kerk ኣቢሉ ዝበጽሓና ተወሳኺ እዋናዊ መልእኽቲ ከም ዝሕብሮ፥ ቤተክርስትያን ካብ ቀዳም 14 መጋቢት 2020 ክሳብ 6 ሚያዝያ 2020 ዕጽዊ ክኸውን እቲ ምምሕዳር ወሲኑ ኣሎ። በዚ ምኽንያት እምበኣር፥ ኣብ'ዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ጊዝያት፥ ኣብ ቤተክርስትያን ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣገልግሎት ከም ዘየለ ንሕብረኩም ኣሎና።

<u>ተወሳኺ ኣገዳሲ ሓበሬታ</u>፥
ብሰንኪ እዚ ዘሎ ኩነታት ቫይረስ፥ ዝወጽእ ዘሎ መንግሥታዊ ውሳነታትን ክግመት ዘይክእል ምዕባለታቱን፣ ምብዓል ጥንተ ስቕለቱ ናይ ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ደብረሰላም መድሓኔለም፥ ኣብ'ቲ ከነብዕሎ ዘሎና ጊዜ ተሪፉ፥ ንዝይተወሰነ ጊዜ ተመሓላሊፉ ከም ዘሎ፥ ዳግም ብምሕባር ከነዘኻኽረኩም ንፈቱ።
ኣገዳሲ ምዕባሌታት ብዝምልከት ኣብ ቀጻሊ እዋን፥ ኣብ ወብሳይትና ይኹን ከም ኣድላይነቱ ብኢመይል ክንሕብር ኢና።

እግዚኣብሔር ምሕረቱ ይሃበናን ይኣዝዘልናን።

እግዚኣብሔር ኣምላኽና ንሃገርና ኤርትራን ንኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅድስቲ ቢተክርስትያንናን ይባርኸልናን ይዓቅበልናን።

ምስ መንፈሳዊ ሰላምታ

መልኣከ ሰላም ቀሺ ክብሮም ኪዳነ

ኣቦመንበር

*ሰበኻ ጉባኤ ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም*
*Het Kerkelijke bestuur*
Email:
debreselammedhaniealem@gmail.com
www.debreselam-medhaniealem.com
**Amstelveenseweg-965**
**1081 JG Amsterdam**
**Nederland**